# ኣነ ሓጺራትኒ እብል
# ንሳ ኻአ ተኾርምያ
# ትስዕስዕ

ብሚካኤል ኣጎስቲኖ (ቱቢንገን ጀርመን)

10 / 8 / 2006

ሓደ ብራዕዲ ዝተቐብረ ሽሙ ክነግርስ ይትረፍስ ካበ ዝነግረሉ ዝብርግግ እዩ። ኣብ መርበብ ሓበረታ መስከረም ብዕለት 6.07.2006 ብአኖኒም (anonym) ሽመይ ብምጥቃስ ዝጽሓፈ፡ ኒዚ መንግስቲ አሎና ዝብሎ መንግስቲ አነዊርዎ ማለት ነዉሪ አብ ልዕሊ ነዉራምነቱ ወሲኹዎ ድአ እምበር ኣይዘረየሉን፡ ግን ክገርም ዘይብሉ እቲ መንግስቲ ከሲሩ ምስ ብዓል እዞም" ሊቂ ጭፍሊቂ" ሽም ዘይብሎም ተሪፉ ከም ዘሎ እዩ ዝሕብረካ፡ "ስዋ ሓቲሉ መጺጹ ምስ ተበላሸወ ምጉሓፍ ጥራይ እዩ።

ነቀፌታ ክትቅበል ባህራዊ እዩ፡ ኣነ ሃናጺ ነቀፌታ ክመጻኒ ብጣዕሚ እየ ዝሑጎስ ምኽንያቱ እቲ ዝተጻሕፈ ተነቢቡ ማለት እዩ ፡ እቲ ዝጽሕፍ ሰብ ካአ ክንበበሉ ስለ ዝጽሕፎ። እቲ ኣባጋግሳ ጽሑፍ ከም ምኽሪ ዝመስል ተጋጊኻ ተጋጊኻ ዘብዝሕ ከም'ዉን ኣስተዉዕል ዝብል ኮይኑ፡ እቲ ከስተዉዕሎ ዝድለ ወይ ተጋጊኻ ዝባሃል ዘይጠቅስ፡ ካብዚ ተበጊሰ ነቀፌታ ከይትብሎ ነቀፌታ ኣይኮነን፡ ማዕዳ ከይትብሎ ማዕዳ እዉን ኣይኮነን፡ እንታይ ዳአ ከምቲ ጎይቱኡ ማዓልታዊ ዝልፍልፎ ጀሃድ ዶ ወያነ ንኽትዕቢ ትጽዕር ኣለኻ እዩ ዝብል።

ግርም: ወይ ጉድ........ንዛርቓዊ ባዓል ዛርቓዊ ዝሕግዙስ ኣብ ሶማል ከድካ ድለዮም ዝሓወይ፡ ኣነ ዕላማይ ንጽር እዩ። ክደግመልካ ብትምክሕቲ ወይ ብጥቅሚ ዓዊርካ ስለ ዝኾንካ እምበር ብሓቂ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ትዉለድ እንተኾንካ እዚ ንህዝብና ወሪድዎ ዘሎ ኣሸንኳይዶ ንሃገርዉያን ንዘይ ወድሃገር ኣስደሚምዎ ዘሎ ጉዳይ እዩ። እሞ እንቢ ኣፈይ ኣይዓብስን፡ እንቢ ንዲክታቶር ስርዓት ኣይክተል፡ እንተበልኩ መሰለይ እዩ እሞ ብዛዕባይ ብዙሕ እንተዘይ ኣስቆርቆርካ ይሓይሽ።

ተወሳኺ ኣብ አስመራ መንድዩ ዘሎ መስለካ? ኢልካ ዝቀጸልካዮ ፈኸራ ንምምላስ ወዮ ዳአ ዓለም ሙሉእ ይፈልጥ እዩ እምበር ኣነ እዉን ብተዓጻጻፊ ክሕብረካ፤

እወ ይፈልጥ መሰል ወድሰብ ዝረግጽ፡ ብሕጊ ዘይቅየድ ባህርያት ዓሳ ዝኽተል መንግስቲ ከም ዘሎ።

እወ እፈልጥ ኤርትራ እሱራት ዝበዝሓላ ሃገር ከም ዝኾነት።

እወ እፈልጥ ንዓርባዓ ዓመት መቃልስቶም ኣብ እስርቤት ዝዳጉን መንግስቲ

እወ እፈልጥ ከምቲ ዝበልካዮ ህግደፍ ከም ተመን ጠፋዕ ጠፋዕ ከብለኩም እዩ ዝበልካዮ።

እወ ይፈልጥ ስራሕ ሸፋቱ ድኣ ይኹን እምበር ኣብ ስርዓት ዘይብሉ ሃገር ከም ንብር ዝዉሰድ ከም ምኻኑ ።

ነዚ ክትጥሕና ዲኺን ትርህጻ ከም ዝባሃል፡ ነዚ ስርዓት ዲኻ ትሕበነሎ ወደይሺ፡ እዚ ስርዓት ስርዓትና ኣይግበሮ ወሪዱዎ ህዝቢ ኤርትራ ኣይተዓደለን።

ካብ ታሓቢእካን መሸንገጋ ዝድርብን፡ ካብ ታሓቢኡ ናብ እኩብ ሰብ እምኒ ዝድርብን የድሕነና።